ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ወርዒ ለከ ንአገልግሎት ኣብያተ ፅሕፈት እታ ወረዳ ግልጋሎት ዝዉዕሉ መሳርሒ ኣቅሑት ፅሕፈት : መሳርሒ ኣቅሑት ፅሬት : ኣቅሑት ቢሮ : ኣቅሑት ኤሌክትሮኒክስን ከምእዉን መለዋወጢ ኣቅሑትን ጎማን ተሸከርከርቲን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድይ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ነሓሰ 25, 2010 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 4, 2011 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:ወርዒ ለኸ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 4, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርከርቲ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 ተጫረቲ ናይ መንግስቲ ግብሪ ዝኸፈሉን ናይ 2010 ዓ/ም ፍቓድ ንግዶም ቢቲ ዘርፉ ዘቅርቡን ዘሐደሱን ክኮኑ አለዎም

2 ተጫረቲ ኣብ መቕረባይነት ዝተመዝገቡን ኣብ 2010 ዓም ዝተሐደሰ ናይ መቕረባይነት መለለይ ካርድ ከቅርቡ ዝኽእሉ

3 ተጫረቲ ናይ ከፈልቲ ግብሪ መለለይ /TIN/ ከቕርቡ ዝኽእሉ

4 ተጫረቲ ቫት ዝተመዝገቡን በቢወርሑ ናይ ግብሪ ኣካቢ ኣካል ቫት ዲክለር ዝገበሩ ምኻኖም መረዳእታ ከቕርቡ ዝኽእሉ

5 ተጫረቲ ናይ ጨረታ መኽበሪኦም ብጥረ ገንዝብ 3000 ብር ወይ ብዝተረጋገፀ ቼክ ስፒኦ ከትሕዙ ዝኽእሉ

6 ጨረታ ዘሸነፉ ተጫረቲ ዉዕል ንክኣስሩ ምስተኣወጀ ኣብ ዉሽጢ 5 መዓልቲ ቀሪቦም ናይ ዘሸነፍዎ 10% ዉዕሊ መኽበሪ ብምትሓዝ ዉዕሊ ናይ ምእሳር ግቡእ ኣለዎም

7 ሰዓርቲ መፅዓንን መራገፍን ሓዊሱ ብናይ ባዕሎም መጎዓዓዚ ናብ ቤት ፅሕፈት ት/ፋይናንስን ኣታዊ ክገብሩ ዝኽእሉ

8 ዝተዳወ ሰነድ ጨረታ ነናይ ባዕሉ ዘርፊ ካብ ዕለት 24/12/2010 ጀሚሮም ክሳብ 4/01/2011 ዓም ካብ ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወርዒ ለከ ክፍሊ ቁፅሪ 3 ዘይመለስ በቢዘፈሩ 30 ብር ብምኽፋል ምዉሳድ ይኽእሉ

9 ጨረታ ዕለት 4/01/2011 ዓም ሰዓት 8:00 ተዓፅዩ 4/01/2011 ዓም ሰዓት 8:30 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ዝተረኽብሉ ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናስን ወ/ወ/ለኸ ክፍሊ ቁፅሪ 03 ዝኸፈት ይኸዉን

10 ጨረታ ምስተኸፈተ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ን20 ተኸታታሊ ናይ ስራሕ ማዓልታት ጥራሕ እዩ

11 እቲ ከይዲ ስራሕ ጨረታ ምስተከፈተ ከም ኣድላይነቱ ናይቲ ኣቕሓ መጠን ክሳብ 20% ክዉስክ ወይ ክቅንስ ይኽእል

12 ፅሬት ኣቕሑት ዝምልከት ኣቕዲሙ ዝተነፀረ ብሳምፕል ወይ ኦርጅናል ኣቕሓ ብባዓል ሞያን ብኮሚቴን ብምርግጋፅ ቅቡል ዝግበር ይኸዉን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

13 ቤት ፅሕፈትና እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ 03 43 46 02 82 ወይ 03 43 46 00 88 ደዊልኩም ምሕታት ትኽእሉ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle